**Folkhögskolan i Angered**

**ንስርዒት ድሕነት ሓበሬታ ዝምልከት፡ ናብ ኣባላት ማሕበር ህዝባዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ኣንገሬድ (Folkhögskoleföreningen) ዝቐንዐ ደብዳቤ**

ብዛዕባ'ቲ ዕለት 25 ግንቦት ኣብ ግብሪ ዝውዕል፡ ነቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ሕገ ውልቃዊ ሓበሬታ ሽወደን (personuppgiftslagen) ዝትክእ፡ ሓፈሻዊ ስርዒት ድሕነት ሓበሬታ ወይ GDPR ዝተሰምየ መምርሒ፡ ብርግጽ ሰሚዕኩም ኣለኹም።

ማሕበር ህዝባዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ኣንገሬድ፡ ንውልቃዊ ሓበሬታ ብመሰረት ናይቲ ንዕኡ ዝምልከት ሕግታት ሽወደን እዩ ዝዕቅቦን ዝጥቀመሉን። ውልቃዊ ሓበሬታኹም ምሳና ክምዝገብ ወይ ውን ብገለ ናባና ክመጽእ እንከሎ፡ ኣብዚ ኣቓሪብናዮ ከምዘለና፡ ገለ መሰላት ኣለኩም።

ማሕበር ህዝባዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ኣንገሬድ፡ ንኣጠቓቕማ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ዝምልከት ተሓታቲ እዩ። ኣብ ዝኾነ እዋን፡ በዚ ዝስዕብ ኢ-መይል ኣቢልኩም fhsk.ang@folkbildning.net ነቲ ማሕበር ክትውከስዎ ትኽእሉ ኢኹም። ኣባል ናይዚ ማሕበር ምዃን ወለንታዊ ኮይኑ፡ ከም ኣባላት ምሳና ክትምዝገቡ መታን ግን፡ ነዓኹም ዝምልከት ገለ ውልቃዊ ሓበሬታ ክትህቡና ኣለኩም።

ከም ኣባላት መጠን፡ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ንዝተወሰነ ዕላማታት፡ ኣብ ስርዓተ-ሓበሬታና ክዕቀብ እዩ። እቶም ንሕና እንደልዮም ውልቃዊ ሓበሬታ ብዛዕባኹም፡ ስም፡ ግላዊ መለለዪ ቍጽሪ፡ ኣድራሻን ኢ-መይልን እዮም። ኣባልነት ንምምዝጋብ ኣድላዪ ብምዃኑን ከምኡ ውን ማሕበር ህዝባዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ኣንገሬድ ነቲ ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ ታሕቲ ንተጠቒሱ ዝርከብ ዕላማታት ንኽጥቀመሉ መሰል ዝህቦ ረብሓ ስለዘለዎ፡ እቲ ማሕበር ዘካይዶ ዳህሳስ ውልቃዊ ሓበሬታ እምበኣር፡ ብሕጊ ፍቑድ እዩ።

ተኣፋፊ ዝኾነ ውልቃዊ ሓበሬታ፡ ከከም ኣድላይነቱ ወይ ውን ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ጥራይ ኢና ክንድህስሶ እንግደድ። ቀንዲ ዕላማ ዳህሳስ ውልቃዊ ሓበሬታኹም፡ ጽፈት ስርዓተ-መዝገብ ንምሕላው፡ ምሕደራ ኣባልነት፡ ሓበሬታ ንምስዳድን ንሽርሽርን፡ ዝብሉ እዮም። ውልቃዊ ሓበሬታኹም፡ ንስታትስቲካዊ (ጸብጻብ) ዕላማታት ውን ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። ማሕበር ህዝባዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ኣንገሬድ መንነትኩም ንምንጻር ግድን እዩ ግላዊ መመለዪ ቍጽርኹም ክህልዎ። ብዛዕባኹም እቲ ዘድልየና ውልቃዊ ሓበሬታ ከኣ፡ ኣብ ስርዓተ-ሓበሬታና ይምዝገብ። ውልቃዊ ሓበሬታኹም ናብተን ንሕና ብዝሓተትናዮ መንገዲ ምሳና ዝተሓጋገዛ ትካላትን ውድባትን ውን ክለኣኽ ይኽእል እዩ። ከም ኣብነት፡ ከም ኣባላት ምእንቲ ክትምዝገቡ፡ ኣድራሻኹም ናብ AB Föreningshuset ክንልእኮ ንኽእል። ዝኾነ እንሰደልኩም ነገር ምእንቲ ክመጽኣኩም ውን፡ ንትካል ኣገልግሎት ፖስታ Postnord ውን ኣድራሻኹም ክንሰደሎም ንኽእል። ውልቃዊ ሓበሬታኹም ናብ ካልእ ኣካል ክንልእኽ እንከለና፡ ድሕነትን ምስጢራውነትን ኣብ ግምት ነእቱ ኢና።

ሓበሬታ ዝኽዘነሉ ግዜ

ማሕበር ህዝባዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ኣንገሬድ፡ ክሳብ ኣባላት ዝኾንኩም ጥራይ እዩ ሓበሬታኹም ዝዕቅቦ። እንተነውሐ ክልተ ዓመት ካብታ ኣባልነትኩም ዘኽትመላ ዕለት፡ ኩሉ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ካብ መዝገብ እቲ ማሕበር ምሉእ ብምሉእ ይስረዝ። ካብዚ ንንየው፡ እቲ ማሕበር ሕጋዊ ነገራት ንኽማልእ ጥራይ እዩ ነቲ ውልቃዊ ሓበሬታ ክኽዝኖ ዝኽእል።

መሰላትኩም
ውልቃዊ ሓበሬታኹም ብኸመይ መልክዕ ንጥቀመሎም ኣለና ክትፈልጡ መሰል ኣለኩም። እዚ ማለት ከኣ፡ ንኣጠቃቕማ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ብዝምልከት፡ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለኩም። ነዓኹም ዝምልከት ዝተመዝገበ ግጉይ ሓበሬታ ናይ ምስትኽኻል፡ ቅጥዒ ዘይብሉ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ሓበሬታኹም ናይ ምድራት ከምኡ ውን ግጉይ ዝኾነ ዳህሳስ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ናይ ምውጋድን፡ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ካባና ናብ ካልእ ኣካል ክሰጋገር (dataportabilitet) ናይ ምግባር መሰል ኣለኩም።

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ነገራት ንምስላጥ ምስ እትደልዩ፡ ናብዚ ዝስዕብ ኢ-መይል fhsk.ang@folkbildning.net፥ መልእኽቲ ለኣኹ። ንኣገባብ ኣጠቓቕማ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ቅሬታ ምስዝስመዓኩም፡ ንበዓል-መዚ ክትትል ሓበሬታ/መንግስታዊ ትካል ድሕነት ምሉእነት (till Datainspektionen/Integritetsskyddsmyndigheten) ክትውከሱ ትኽእሉ። ኮይኑ ግን፡ ብወገን ማሕበርና ንዝግበር ንኣገባብ ኣጠቓቕማ ውልቃዊ ሓበሬታ ዝምልከት ነገራት ምስዝህልወኩም፡ ብመጀመርያ ምሳና ክትዘራረቡ እዩ እቲ ቐዳማይ ድልየትና። ከም ኣባላት መጠን፡ ንሕገ-ህንጻ ማሕበርናን ጠለባት ኣባልነትን ስለእትቕበሉ፡ ንኣጠቓቕማ ውልቃዊ ሓበሬታ ዝምልከት ሓበሬታ ውን ተዋሂብኩም ኣሎ ማለት እዩ።

ብኸመይን ስለምንታይን ኢና ውልቃዊ ሓበሬታኹም እንዕቅቦን መሰላትኩም'ከ እንታይ ይመስልን ንዝብል ኣብቲ ንምሉእነት ዝምልከት ፖሊሲና (integritetspolicy) ብዝርዝር ሰፊሩ ኣሎ። ንምሉእነት ዝምልከት ፖሊሲና ኣብዚ ዝስዕብ ገጽ ኣለኩም: